Kanton Bern
Canton de Berne

hallo–bern.ch
salut–berne.ch

# ማሕበራዊ / ውሕስነት / ድሕነት

ስርዓት ማሕበራዊ ድሕንነት
መልዕሎ/ ጥሮታ
ስንክልና1
ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት
ናይ ጥዕናን ሓደጋን መድሕን
ኣደነትን ስድራ ቤትን
ማሕበራዊ ሓገዝ(ደገፍ)

# ስርዓት ማሕበራዊ ድሕንነት

ተቐማጠ(ነበርቲ) ስዊዘርላንድ ካብ እተፈላለየ ሓደጋታት ብማሕበራዊ ድሕነት ይሕለዉ እዮም ። ንኣብነት ትካላት መድሕን ሓደ ሰብ ካብ ስራሕ እንተ ወጺኡ ወይ እንተ ሓሚሙ ይሕግዛ እየን። ብተወሳኺ ንስድራ ቤታትን ንኣረጋውያንን እውን ይድግፈ ኦም እየን ።

## መሰረታዊ ስርዓታት/ሕጋጋት

ማሕበራዊ ድሕነት(መድሕናት) ብተቐማጦ ስዊዘርላንድ እዩ ዝምወል። መሰረታዊ ስርዓት ሓድነት (Solidaritätsprinzip | principe de solidarité) ነዚ ዝስዕብ ይዓይ፡ መብዛሕትኦም ካብቶም ተቐማጦ ገንዘብ ክኸፍሉ ከለዉ ውልቀ ሰባትን ገለ ጒጅለታትን ግን ደገፍ ይረኽቡ። ማሕበራዊ ድሕነት መብዛሕትኡ ግዜ ግዴታ እዩ። እቲ ክፍሊት/ውጽኢት/ ካብ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ብቐጥታ ይቑረጽ። ከምኡውን ኣስራሕቲ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም ከምኡውን ብዙሕ ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ገንዘባዊ ውጽኢት ይገብሩ እዮም።

## ኣገልግሎታት(ረብሓታት)

ማሕበራዊ ድሕነት ኣብ ገለ ኩነታት(ጸገማት) ህይወት ንዝርከቡ ሰባት ይድግፈኦም እየን። መዓልታዊ ገንዘብ ፡ ናይ ጡረታን ውዕለትን ክፍሊት ይኸፍሉ ወይ ሕማም ወይ ሓደጋ ከጋጥም ከሎ ዝተወሰነ ወጻኢታት ይሽፍኑ። ኩለን ማሕበራዊ መድሕናት ብመንግስቲ እየን ዝመሓደራ።

## ሰባት መዓስ ደገፍ ይረኽቡ ፧

- ብዕድመ ምስ ደፋእካ(ግዜ እርጋን)፡ ኣብ ግዜ ሞትን ስንክልናን (3 የዕኑድ/3 Säulen: AHV/IV|AVS/AI, berufliche Vorsorge, private Vorsorge)
- ኣብ ግዜ ሕማምን ሓደጋን (Kranken- und Unfallversicherung|Assurance maladie et accident)
- ኣብ ኣብ ግዜ ሕርሲ (Mutterschaftsentschädigung|Allocation de maternité)
- ኣብ ግዜ ሽቕለት/ስራሕ ኣልቦነት (Arbeitslosenversicherung|Assurance chômage)
- ውሉዳት እንተ ሃልዩካ (Familienzulagen|Allocations familiales)

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/social-insurance-system

# መልዕሎ/ ጥሮታ

ናይ ጡሮታ መልዕሎ ክፍሊት ነቶም ጡረታ ዝወጹ ሰባት ብህይወት ንምንባር እኹል ገንዘብ ከም ዘለዎም የረጋግጽ። ስርዓት መልዕሎ(እስትሕጋግ) ስዊዘርላንድ ሰለስተ ኣዕኑድ ኣለዎ፡ ንሳቶም ከኣ፡ መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን)- (Alters- und Hinterlassenenversicherung, AHV | assurance-viellesse et survivants, AVS)፡ ናይ ስራሕ መልዕሎ (Pensionskasse | caisse de pension)፡ ብወለንታ ዝግበር ናይ ግዜ እርጋን መልዕሎ (3ይ ዓንዲ)።

## መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን) (1. Säule | 1er pilier)

መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን) (Alters- und Hinterlassenenversicherung, AHV | assurance-viellesse et survivants, AVS) መንግስታዊ ትካል እዩ። መብዛሕትኦም ዓበይቲ ነዚ ንምግባር ውጽኢት ክኸፍሉ ኣለዎም። ንሰራሕተኛታት እቲ ክፍሊት ካብ ደሞዞም ብቐጥታ ወርሓዊ ይቘረጽ፡ እቲ ኣስራሒ ድማ ፍርቂ እቲ ክፍሊት ይኸፍሎ(ይሸፍኖ)። ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም(ነብሶም ክኢሎም ባዕሎም ዝናበሩ ሰባት) ወይ ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ወፈያታቶም ብኸመይ ከም ዝኸፍሉ ንምፍላጥ ምስቲ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝርከብ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን) AHV ክሓቱ ኣለዎም (AHV-Zweigstelle der Wohngemeide | l'agence AVS de votre lieu de domicile). AHV ነቶም ጡረታ ዝወጹ ሰባት ወርሓዊ መልዕሎ ይኸፍሎም። መጠን እቲ መልዕሎ ኣብቲ እተኸፍሎ ውጽኢት እዩ ዝምርኰስ ። ይኹን እምበር AHV ንሰብ ሓዳርን ውሉዳትን ናይ ዝሞተ ሰብ (ናይ ማእምንን/ሓያማትን ዘኽታማትን መልዕሎ) እውን ይድግፎም እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናይ ብሕቱ መድሕን ቍጽሪ ዘለዎ AHV ካርድ (AHV Ausweis | certificat d'assurance AVS) ይህልዎ።

## ናይ ስራሕ መልዕሎ- 2ይ ዓንዲ (2. Säule | 2ème pilier)

ጥሮታ ድሕሪ ምውጻእ ን ንቡር(ልሙድ) ናብራን ህይወትን ንምምራሕ፡ AHV ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ስለዚ ንሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ መልዕሎ(እስትሕጋግ) ክፍሊት እውን ኣሎ እዚ ድማ ካብ እተወሰነ ናይ ደሞዝ ዓመታት ግዴታ እዩ። እቲ ክፍሊት ካብ ደሞዝ ብቐጥታ ወርሓዊ ይቘረጽ፡ እቲ ኣስራሒ ድማ እንተ ወሓደ ፍርቂ እቲ ክፍሊት ክኸፍል/ክሽፍኖ )ኣለዎ። ነብሶም ክኢሎም ዝነብሩ ነዚ ዝምልከት ክፍሊት ክኸፍሉ ኣየድልዮምን እዩ። ይኹን እምበር ብፍቓዶም ከምኡ ክገብሩ ይኽእሉ፡ ነዚ ከኣ ባዕላቶም ሓላፍነት ይወስዱ። እዚ ኣብ ናይ ጥሮታ ማዕከን ገንዘብ ዝተዋህለለ: ምስ ኣረግካ ከም ጥሮታ መልዕሎ ወይ ከም ናይ ሓደ ግዜ ክፍሊት ይወሃብ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት እቲ ገንዘብ ኣቐዲሙ ክኽፈለካ ይከኣል እዩ፡ ንኣብነት ትካል ክትገብር ምስትደሊ: ካብ ስዊስ ክትወጽእ ምስትደሊ: ገዛ ክትሰርሕ ወይ መንበሪ ገዛ (ኣፓርታማ) ክትገዝእ ምስትደሊ።

## ብወለንታ ዝግበር ናይ ግዜ እርጋን መልዕሎ (3. Säule | 3e pilier)

እቲ ሳልሳይ ዓንዲ ካብ ግብሪ ዝንከ ብወለንታ ዝኽፈል ናይ ብሕቲ መልዕሎ(እስትሕጋግ) ክፍሊት እዩ። እዚ ኣብ ባንክታት ወይ ኣብ ናይ መድሕን ትካላት ክግበር ይከኣል። ብዕድመ ምስ ደፋእካ እኹል መሕለውታ ገንዘብ ንክህልወካ በዚ 3ይ ዓንዲ ጌርካ ገንዘብ ከተዋህልል ትምሕጸን(ትምከር)።

## ተወሳኺ ኣገልግሎትታት(ረብሓታት)

ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ዋላ'ኳ ናይ መልዕሎን (AHV) ጥሮታን (ናይ ምስ ኣረግካ ዝወሃብ) ገንዘብን እንተተዋህቡ: ንናብርኦም እኹል ኣይኮነን: ኣብ ከምዚ ኩነታት ተወሳኺ ገንዘባዊ ሓገዝ ካብ መንግስቲ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም (Ergänzungsleistungen | prestations complémentaires)። ነዚ ዝምልከት ኣብ ምምሕዳር ከተማ/ከባቢ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን) AHV ክሓቱ ኣለዎም። መን ተወሳኺ ረብሓታት(ጥቕምታት) ክረክብ ይግብኦ ብንጹር መምርሒ ተሓጊጉ እዩ። ተወሳኺ ጥቕምታት ካብ ከፈልቲ ግብሪ እዩ ዝምወል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/old-age-insurance

# ስንክልና1

ዝኾነ ብምኽንያት ጥዕና ክሰርሕ ዘይክእል ወይ ብኽፊል ንነዊሕ እዋን ጥራይ ክሰርሕ ዝኽእል ሰብ ካብ መድሕን ስንክልና ገንዘባዊ ደገፍ ክረክብ ይኽእል እዩ (Invalidenversicherung IV | assurance invalidité AI)። ይኹን እምበር እቲ ራብዓይ(IV ዓንዲ) ገንዘብ ጥራይ ኣይኮነን ዝኸፍል ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ነቶም ድሕነት (ውሕስነት) እተዋህቦም ሰባት ናብ ስራሕ ዓለም ክኣትዉ ወይ እንደገና ክምለሱ ይድግፎም እዩ።

## መድሕን ስንክልና

መድሕን ስንክልና (IV | AI ዓንዲ) መንግስታዊ ትካል እዩ። መብዛሕትኦም ዓበይቲ ነዚ ንምግባር ወፈያ(ውጽኢት) ክኸፍሉ ኣለዎም። ንሰራሕተኛታት እቲ ወፈያ (ውጽኢት) ካብ ደሞዞም ብቐጥታ ወርሓዊ ይቁረጽ እቲ ኣስራሒ ድማ ፍርቂ እቲ ውጽኢት ይኸፍለሎም። ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም( ነብሶም ዝኽእሉ) ሰባት ወይ ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ኣብቲ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝርከብ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት መድሕን ኣረጋውያንን/እርጋንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን) AHV ውጽኢቶም ብኸመይ ክኸፍሉ ከም ዘለዎም ክሓቱ ኣለዎም።

## ካብ መድሕን ስንክልና ዝርከብ ደገፍ

እቶም ብሰንኪ ጥዕና(ኣካላዊ ወይ ስነ ኣእምሮኣዊ) እንተ ወሓደ ንሓደ ዓመት ጥራይ ክሰርሑ ዘይክእሉ ወይ ብኽፊል ክሰርሑ ዝኽእሉ ሰባት ካብ ራብዓይ ዓንዲ ክድገፉ መሰል ኣለዎም። እቲ ራብዓይ ነቲ ደገፍ ብመልክዕ ወርሓዊ መልዕሎ እዩ ዝኸፍሎ። ይኹን እምበር እዚ ክፍሊት እዚ ዝኽፈል እቲ ውሕስነት(ድሕነት) ዝረኸበ ሰብ ብሰንኪ ጸገሙ ኣብ ስራሕ ክሓብር(ክሳተፍ) ምስ ዘይክእል ጥራይ እዩ። ኣቐዲሙ ግን IV (IV | AI) ንስንኩላን ግቡእ ስራሕ(ምቹእ) ንክረኽቡ ይድግፎም እዩ። ካብ ራብዓይ(IV) ዝርከብ ደገፍ ኣብ ራብዓይ (IV | AI) ቤት ጽሕፈት ናይ ካንቶን በርን ክ ውዕል ኣለዎ።

## ተወሳኺ ኣገልግሎታት(ረብሓታት/ጥቕምታት)

እቶም ራብዓይ ረብሓታት ወይ ካልእ ጥቕምታት (ንኣብነት መልዕሎ/ጥሮታ) እናሃለዎም ክንሱ ብህይወት ንምንባር እኹል ገንዘብ ዘይብሎም ሰባት ተወሳኺ ገንዘባዊ ረብሓታት(ጥቕምታት) (Ergänzungsleistungen | prestations complémentaires) ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝርከብ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን)-(AHV) ከመልክቱ(ክሓቱ) ኣለዎም። መን ተወሳኺ ረብሓታት(ጥቕምታት) ክረክብ ይግብኦ ብንጹር መምርሒ ተሓጊጉ እዩ። ተወሳኺ ረብሓታት(ጥቕምታት) ብከፈልቲ ግብሪ እዩ ዝምወል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/disability

# ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት

ኵሎም ኣብ ስዊዝ ዝነብሩ ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ (ሽቕለት) ኣልቦነት መድሕን ኣለዎም። ስእነት ስራሕ ዘጋጠሞም መብዛሕትኡ ግዜ ንእተወሰነ እዋን ገንዘባዊ ደገፍ ይረኽቡ እዮም ። ስእነት ስራሕ ዘጋጠሞም ኣብ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ ክምዝገቡ ኣለዎም። (RAV | ORP)። እዚ ስራሕ ንምርካብ ሓጋዚ እዩ።

## መድሕን ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት

መድሕን ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት (ALV | AC) መንግስታዊ ትካል እዩ። ንኹሎም ሰራሕተኛታት ድማ ግዴታ እዩ። ነዚ ዝኸውን ወርሓዊ ክፍሊት ካብ ደሞዝ ብቐጥታ ይቑረጽ፡ እቲ ኣስራሒ ፍርቂ እቲ ክፍሊት ይሸፍኖ/ይኸፍሎ ። ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም ናይ ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት መድሕን ክህልዎም ኣይክእልን እዩ። ዝኾነ ስራሕ ስእነት ዘጋጠሞ ከም መተካእታ ወርሓዊ ደሞዝ ካብ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ይወስድ (Arbeitslosengeld | allocation chômage)። እቲ ካብ ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት ዝኽፈል ገንዘብ ክሳብ መዓስን ክንደይን ይኽፈል ኣብ ዝተፈላለየ ረቛሒታት ዝተሞርኮሰ እዩ። ንኣብነት ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ክትሰርሕ ጸኒሕካ ወይ ብምናታይ ምኽንያት ስራሕ ኣልቦ ኴንካ፧

## ኣካይዳ ኣብ ግዜ ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት

ዝኾነ ስራሕ ኣልቦ ብዝከኣል መጠን ቀልጢፉ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ(ከተማ) ክምዝገብ ኣለዎ። እዚ ቅድሚ እታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ስራሕ ክግበር ኣለዎ እንተ ወሓደ ክኣ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሽቕለት ኣልቦነት ክግበር ኣለዎ ። ኣብ ሓደ እዋን ድማ ኣብቲ ነዚ ሓላፍነት ዘለዎ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ ናይ ግድን ክትምዝገቡ ኣለኩም (RAV | ORP)። ኩሉ ተወሳኺ ስጉምትታት ኣብኡ ክግለጸልኩም እዩ።

## ከባብያዊ ማእከል ስራሕ

ከባብያዊ ማእከል ስራሕ (RAV | ORP) እንደገና ቀልጢፍኩም ስራሕ ንኽትረኽቡ ክሕግዘኩም እዩ። ኣብ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት (RAV | ORP) ዝግበር ናይ ምኽሪ ርክብ ግደታ እዩ እንተ ደኣ ተጠቃሚ ስራሕ ኣልቦነት ኴንካ። ብዘይካዚ RAV ኮርሳት ወይ መደባት ስራሕ ይህብ እዩ። ገለ ካብዚ መደባት'ውን ግዴታ እዩ። ኣብ ስዊዝ ሰሪሖም ዘይፈልጡን ስራሕ ዝደልዩን ሰባት'ውን ኣብ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ RAV | ORP ክምዝገቡ ይኽእሉ እዮም። ገንዘባዊ ሓገዝ ግን ኣይወሃቦምን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/unemployment

# ናይ ጥዕናን ሓደጋን መድሕን

ዝኾነ ኣብ ስዊዝ ዝነብር ናይ ሓደጋን ጥዕናን መድሕን ግድን ክህልዎ ይግባእ/ኣልዎ። እዘን ናይ ብሕቲ መድሕን ኣብ ግዜ ሓደጋ፡ ሕማም ወይ ጥንሲ ንትገብሮ ወጻኢታት ይሸፍንኦ። እተን ክልተ ዓይነት መድሕን ናብ ስዊዝ ድሕሪ ምእታውካ ኣብተን ናይ መጀመርታ ሰለስተ ኣዋርሕ ክፍጸማ/ክሳለጣ ኣለዎን።

## መድሕን ጥዕና (መሰረታዊ መድሕን)

ኩሎም ተቐማጦ/ነበርቲ ስዊዘርላንድ ግድን ናይ ጥዕና መድሕን ባዕሎም ክገብሩ/ክፍጽሙ ኣለዎም (Grundversicherung | assurance de base)። ትካላት መድሕን ጥዕና ንኹሎም እቶም ኣብ ስዊዝ ዝነብሩ ሰባት ክቕበለኦም ኣለወን። ዝኾነ ናብ ስዊዝ ዝግዕዝ መድሕን ንምግባር ሰለስተ ወርሒ ግዜ ኣሎዎ። ኣብዚ እዋን እዚ እንተ ሓሚምኩም ወጻኢታትኩም ካብ ድሕሪት ኩሉ ይኽፈለልኩም/ይምለሰልኩም። መሰረታዊ መድሕን ካብ ሓያሎ ናይ ብሕቲ ትካላት መድሕን ጥዕና ክትረኽቡ ትክእሉ (Krankenkassen | caisses-maladies privées)። ምርጫ መድሕን ጥዕና ናጻ እዩ። ትካላት መድሕን ጥዕና ንኹሎም ነበርቲ ስዊዘርላንድ ግድን ክቕበለኦም ኣለወን። መድሕን ዝኣተዉ ሰባት ወርሓዊ ኽፍሊት መድሕን ይኸፍሉ። እዚ ወርሓዊ ኽፍሊት መድሕን ከከም ትካላት መድሕንን ሞደል መድሕንን ስለዝፈላለ ነቲ ቀረብ ኽፍሊት ከነወዳድሮ ትርጉም ኣለዎ። መድሕን ጥዕና ኣብ ዓመት ሓንሳእ ጥራይ ክትቅይር ይከኣል (ኣብ ሕዳር)። መሰረታዊ መድሕን ንወጻኢታት ሕማም ጥራይ ዘይኰነስ ንጥንስን ሕርስን እውን ይሸፍን እዩ። ኣገልግሎት/ጥቕምታት መድሕን ብሕጊ እዩ ዝመሓደር። ኣስተውዕል፥ ወጻኢታት ሕክምና ስኒ ወይ መነጽር መብዛሕትኡ ግዜ ብዕልኻ ኢኻ ትኸፍሎ።

## መድሕን ሓደጋ

ሰራሕተኛታት ኣብ ሰሙን ልዕሊ 8 ሰዓታት ዝሰርሑ እንተ ኾይኖም ኣስራሒኦም ንኣብ እዋን ስራሕን ዕረፍትን ዘጋጥሞም ሓደጋታት ዝሽውን መድሕን ብኡንብኡ /ኣውተማቲክ ይውድኣሎም/ይህቦም። እቶም ውሑድ ሰዓታት ዝሰርሑ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ንዘጋጥሞም ሓደጋ መድሕን ኣይረኽቡን እዮም፡ ንግዜ ሓደጋ ዝሽውን መድሕን ባዕሎም ክሓስብሉ/ክውድእዎ ኣለዎም። እዚ ነቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕትካል ዘለዎም ኰነ ኩሎም ስራሕ ዘይብሎም ሰባት እውን ይምልከት እዩ። ስራሕ ዘይብልኩም ሰባት ምስ ትካል ናይ መድሕን ጥዕናኹም ብዕልኹም ናይ ሓደጋ መድሕን ክትፍጽሙ ኣለኩም። ናይ ገዛእ ርእስኹም ስራሕ ዘለኩም ምስ ካልኦት ትካላት መድሕን ናይ ሓደጋ መድሕን ክትኣትው ትኽእሉ ኢኹም። እቶም መድሕን ዝኣተኹም ሰባት ወርሓዊ ክፍሊት(ፕሪሚየም) ክትከፍሉ ኣለኩም። ናይ ሰራሕተኛታት ካብ ደሞዞም ብቐጥታ እዩ ዝቘረጽ ።

## ወርሓዊ ክፍሊት(ፕሪሚየም) ምጉዳል

እቶም ወርሓዊ ክፍሊት ናይ ጥዕና መድሕን (ፕሪሚየም) ክኸፍሉ ዘይክእሉ ሰባት ንመሰረታዊ መድሕን ዝሽውን ምጉዳል ክፍሊት ክግበረሎም መሰል ኣለዎም (Prämienverbilligung | réduction de primes d'assurance-maladie)። ምጉዳል ዋጋ ምእንቲ ክትረኽቡ ዓመታዊ ክሳዕ 31 ታሕሳስ ክትሓቱ፧ክተመልክቱ ኣለኩም። እዚ እንተ ጸዲቕልኩም ንዓመትኡ ዝወሓደ ወርሓዊ ክፍሊት (ፕሪሚየም)ክትከፍሉ ትኽእሉ። ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ መድሕን/ድሕነት ብዛዕባ እቲ ምጉዳል ወርሓዊ ክፍሊት(ፕሪሚየም)ሓበሬታ ይህብ ንሕቶኹምማመልከቻ ምዝገባኹም ድማ ብኢንተርነት ይቕበሎ ።

## ተወሳኺ መድሕን ንመሰረታዊ መድሕን

ነቲ ግዴታዊ መሰረታዊ መድሕን ንምድጋፍ ዝተፈላለየ ተወሳኺ መድሕን ብወለንታ/ድሌት ክእቶ ይከኣል እዩ (Zusatzversicherungen | assurances complémentaires)። እዚ ነቲ ብመሰረታዊ መድሕን ዘይሸፈን ኣገልግሎታትትጥቕምታት ዝሸፍን ኢዩ። ንኣብነት ንከም ሕክምና ስኒ ዝኣመሰለ ። ዳርጋ ኩለን ትካላት መድሕን ጥዕና ተወሳኺ መድሕን ይህባ እየን። ትካላት መድሕን ጥዕና ንሓደ ሰብ መድሕን ክህብኦን ዘይክህብኦን ባዕለን ይውስና፡ ገለ ቅድመ ኹነት ውን ክገብራከቐምጣ ይኽእላ እየን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/health-and-accident-insurance

# ኣደነትን ስድራ ቤትን

ኣብ ስዊዘርላንድ እቶም ውሉዳት(ቆልዑት) ዘለዎም ስድራ ብመልክዕ ናይ ቈልዑን ትምህርትን ክፍሊት ገንዘባዊ ደገፍ ይወሃቦም እዩ። ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ(ኣዴታት) ሕጻን/ውሉድ ምስ ተወልደ እንተ ወሓደ ን 14 ሰሙን ዝኸውን ደሞዝ ዝኸፈሎ ናይ ሕርሲ(ኣደነትን) ዕረፍቲ ክረኽባ መሰል ኣለወን።

## ናይ ሕርሲ(ኣደነትን) ክፍሊት

እተን ውላድ ክወልዳ ከለዋ ክሰርሓ ዝጸንሓ ደቂ ኣንስትዮ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ 14 ሰሙን ደሞዝ ዝኸፈሎ ናይ ሕርሲ ዕረፍቲ (Mutterschaftsurlaub | congé maternité) ኣለወን። ኣብዚ እዋን እዚ እንተ ወሓደ 80 ሚእታዊት ናይ ደሞዘን ይኸፈለን እዩ። ስራሕ ዘይብለን ኣዴታት ወይ ኣዴታት ክሰርሓ ዘይክእላ መሰል እንተ ኣለውን ንምፍላጥ ናብቲ ኣብ ካንቶን በርን ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ካሕሳ (Ausgleichskasse des Kantons Bern | caisse de compensation du canton de Berne ) ክውከሳ ኣለወን። ኣብዚ ፍሉይ መምርሒታት ኣሎ ። ኣዴታት ድሕሪ ሕርሲ ኣብተን ናይ መጀመርታ ሸሞንተ ሰሙን ክሰርሓ(ክዓያ) ኣይፍቀደለንን እዩ (Mutterschutz | Protection de la maternité)።

## ናይ ኣቦነት ዕረፍቲ

ኣቦታት ውሉድ ምስ ተወልደ ንኽልተ ሰሙን ዝኣክል ደሞዝ ዝኸፈሎ ናይ ኣቦ ዕረፍቲ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ከም ዕረፍቲ ሕርሲ (ኣዴታት) ዘይኰነስ ናይ ኣቦ ዕረፍቲ ተዓጻጻፊ እዩ፡ ከመይሲ ነዚ ኩሉ ብሓንሳእ ወይ በብሓደ መዓልቲ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር እቲ ሕጻን ካብ ዝውለድ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ክኸውን ኣለዎ።

## ናይ ስድራ ቤት ክፍሊት

ዝኾነ ውሉዳት(ቆልዑት) ዘለዎ ሰብ ብመልክዕ ናይ ስድራቤት ክፍሊት (Familienzulagen | allocations familiales) ገንዘባዊ ደገፍ ይረክብ እዩ።እዚ ድማ ነቶም ክሳዕ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑት ብመልክዕ ናይ ቆልዑት ክፍሊት ከምኡውን ነቶም ክሳዕ 25 ዝዕድሚኦም ኣብ ትምህርቲ ዘለዉ መንእሰያት ብመልክዕ ናይ ትምህርቲ(ስልጠና ) ክፍሊት ኮይኑ እዩ ዝኽፈል። ኩሎም እቶም ዝሰርሑ ወለዲ (እንተላይ እቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም) ወይ እቶም ዘይሰርሑን ሒደት ገንዘብ ዘለዎምን ወለዲ መሰል ኣለዎም። ሰራሕተኛታት እንተ ኮይኖም እቲ ናይ ስድራቤት ክፍሊት ወርሓዊ ምስ ደሞዝ እዩ ዝኽፈል። ብዛዕባ ናይ ስድራቤት ክፍሊት ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ኣስራሒ ወይ ካብ ጨንፈር ምምሕዳር ከተማ/ከባቢ ትካል ማሕበራዊ መድሕን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። መጠን እቲ ንስድራ ቤት ዝወሃብናይ ስድራቤት ክፍሊት(ገንዘብ) ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ይፈላለ እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/motherhood-and-family

# ማሕበራዊ ሓገዝ(ደገፍ)

ማሕበራዊ ደገፍ ሓገዝ ነቶም ብህይወት ንምንባር ሒደት ገንዘብ ዘለዎም ሰባት ወይ ካብ ማሕበራዊ መድሕን ፈጺሞም ገንዘብ ዘይወስዱን ወይ ውሑድ ገንዘብ ዝወስዱን ይሕግዞም። እቲ ዕላማ ሰባት ኣብ ሓጺር እዋን ባዕሎም ነብሶም ክኣልዩ ንክኽእሉ እዩ። እዚ መድሕን ዘይኰነስ ካብ መንግስቲ ዝግበር ደገፍ እዩ ።

## ማሕበራዊ ሓገዝ(ደገፍ)

ማሕበራዊ ሓገዝ/ደገፍ (Sozialhilfe | aide sociale) ንዅሎም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ እተጸገሙ/እተሸገሩ ሰባት ይድግፎም እዩ። ነቲ ዝተሓተ ዋጋ መነባብሮ ዘድሊ እውን ይሸፍን እዩ። ኣብ ርእሲ እቲ ዝወሃብ ገንዘባዊ ደገፍ ምኽሪ እውን ይህብ እዩ። ዕላማኡ ሰባት ብእተኻእሎም መጠን ቀልጢፎም ብቝጠባዊ መዳይ ብነብሶም ክመሓደሩ እዩ (ቍጠባዊ ናጽነት ንክረኽቡ እዩ)። ማሕበራዊ ደገፍ ንእኹል ሓገዛት ካብ ካልእ ወገን ዝረኽቡ፡ ንኣብነት ካብ ስራሕ ኣልቦነት፡ ናይ ጥሮታ ዝወስዱ፡ ካብ ዘመድ ሓገዝ ዝረኽቡን ኣይሕግዝን እዩ። ዕዳ እውን ኣይከፍልን እዩ። ሓደ ሰብ እኹል ገንዘባዊ ሃብቲ ምስ ረኸበ እቲ ገንዘብ ክመልሶ/ክኸፍሎ ኣለዎ ። ማሕበራዊ ደገፍ ብከፊልቲ ግብሪ እዩ ዝምወል።

## ማሕበራዊ ሓገዝ ንምርካብ ኣመልከት(ሕተት)

ማሕበራዊ ሓገዝ ንምርካብ ከመልክት ዝደሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ ምስ ማሕበራዊ ኣገልግሎት (Sozialdienst | service social) ምምሕዳር ከተማ (ከባቢ) ክራኸብ ኣለዎ። ማሕበራዊ ሓገዝ ንምርካብ ከመልክት ዝደሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ ምስ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምምሕዳር ከተማ ከባቢ ክራኸብ ኣለዎ። ኣብኡ ኣታዊኻን ሃብትኻን ክትነግር ኣሎካ። ድሕሪኡ እቲ ሕቶ/መሰል ይምርመር።እቶም ሰበስልጣን መጠንን ዓይነትን ደገፍ በብውልቂ ይውስኑ። ሓቅነት ዘይብሉ ዘረባ እተዛረበ ወይ ገለ ነገር ዝሓብእ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ፍርዲ ክቐርብ ይኽእል እዩ(ክቕጻዕ ይኽእል)። ማሕበራዊ ኣገልግሎት መምርሒ ክህብን ኩነታት ከገድድን ይኽእል እዩ ። ሓደ ሰብ ነዚ እንተ ዘይፈጺምዎ ረብሓታቱ ክንኪ ይኽእል እዩ ። ኣብቲ ምኽሪ ዚወሃሃበሉ እዋን ምክፋል ግዴታ እዩ። ነቲ ጸገም ባዕልኻ ንምንካይ ዝከኣለካ ክትገብር ኣሎካ ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/social-assistance